# ኣገልጉሎትን ሓገዛትን ንስንክልና ዘለዎም ስደተኛታት ኣብ ሃንቦርግ

ስንክልና ዘለዎም ሰባት ኣብዚ ሃገር ካብ መንግስቲ ደገፍ ክግበረሎም መሰል ኣለዎም ከምኡ `ውን ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ንኽግበረሎም ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም። እዞም ሓገዛት መብዝሕቱኡ ግዜ ናይ ጥረ-ነገራትን ናይ ኣገልጉሎትን ሓገዛት እዮም። ስለዚ ስልንክልና ዘለዎም ሰባት ናይ ገንዘብ ተወሳኺ ሓገዝ ዘይኮነስ መታን ከም ሰቦም ኸነብሩ ኣብ ዕለታዊ መነባብርኦም ዝተፈላለየ ደገፍ ይግበረሎም።

ኣብዚ ሃገር ስንክልና እንታይ ማለት ምኽኑን መን ስንክልና ዘለዎ ሰብ ተባሂሉ ከም ዝቑጸር ኣብ ሕጊ ሰፊሩ ኣሎ (ኣብ መጽሓፍ ሕገ-ማሕበራዊ ኣገልግሎት IX)። ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎም ሰባት፣ ስነ-የእሙራዊ ስንክልና ዘለዎም ሰባት ከምኡ `ውን መንፈሳዊ ስንክልና ዘልዎም ሰባት ተባሂሎም ድማ ይኽፈሉ.

ኣገልግሎት ንምርካብ እምበኣር ኣብ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ትካላት መጀመርያ መመልከቻ ክቐርብ ኣለዎ። እዞም ኣገልግሎታት ድማ እንኮላይ ንስንኩላን ስደተኛታት እዮም ዝምልከቱ።

<u>**ቀዳሞት ስጉምትታት ናይ ሓገዝ ኣገልግሎት ንምርካብ:**</u>

1. ሓደ **ክኢላ ሓኪም** (**Facharzt)** እቲ ዘለኩም **ስንክልና ከረጋግጾ** (**Behinderung diagnostizieren)** ኣለዎ።
2. <u>ኣድላይነት ምስ ዝህልዎ</u> **ናይ ሕጊ ክኢላ** (**rechtliche Betreuung)** እውን ክጥለብ ይከኣል እዩ።
3. እቲ በዓል ግዳይ ዝኾነ ሰብ ወይ ድማ ሓላፍነት ናይ በዓል ግዳይ ዝወሰደ ሰብ „መመልከቻ ፈልማይ ምምዛን ስንክልና ብሕጊ ስንክልና“ ወይ „Erstfeststellungsantrag nach dem Schwerbehindertenrecht (SGB IX)“ **ስንክልና ንምምዛን** (**Feststellung einer Behinderung) ኣብ ቤት ጽሕፈት ረዳእቲ ስንኩላን** (**Versorgungsamt)** ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም።
4. ስንክልና ካብ GdB 50 (ክብደት ስንክልና) ንላዕሊ ምስ ዝኸውን **ናይ ስንኩላን ታሴራ** (**Schwerbehindertenausweis)** ከተመልከቱ ትኽሉ።
5. ካልኦት ናይ ሓገዝ ኣገልግሎት ንኣብነት **ሓገዝ ንስንኩላን፣ ደገፍ ኣላይነት ወይ ከኣ መሰናኽል ኣልቦ ገዛውቲ** (**Eingliederungshilfe**, **Hilfe zur Pflege oder barrierefreier Wohnraum)** ኣብቲ ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈታት ክምልከቱ ይከኣሉ እዮም።
6. ሓድሕዳዊ ሓገዝ ብስንክልና ዘለዎም ሰባት

<u>**መብርሂ እዞም ስጉምትታትን ኣገልግሎታትን:**</u>

## 1. ናይ ሓኪም መብርሂ (Diagnose eines Facharztes):

ኣብ ሃምቦግ ዝኾነ ሰብ ኣብቲ ናይ ውሕስነት መድሕን ወት ካርድ ተመዝጊቦም ዘለዉ ሓኻይም ሓደ ክኢላ ሓኪም ክመርጽ ይከኣል እዩ። ኣብቲ ከባቢኻ ዝርከብ ናትካ ዓሚል ሓኪም እውን ከከም ኣድላይነቱ ናብ ክኢላታት ሓኻይም (ንኣብነት ኖይሮሎጂስት፣ ኦርቶፔዲ፣ ሓኪም ዓይኒ) ከመሓላልፍኹም ይኽእሉ እዮም።

ሓበሬታ ብዛዕባ ሕክምናዊ ኣማኸርቲ:

- **ክኢላታት ሓካይም ዝድለይሉ ኣድራሻ ናይ ሃምቦርግ** (**Facharztsuche in Hamburg):**
  http://www.kvhh.net/kvhh/arztsuche/index/p/274

- **ተናባይቲ ዝሕገዝሉ ኣድራሻ ኣብ ሃምቦርግ** (**Pflegestützpunkte Hamburg)**
  http://www.hamburg.de/pflegestuetzpunkte/

- **ሓድሕዳዊ ዝርርብ ንስንክልና ዘለዎም ስደተኛታት** (**Dialogforum Geflüchtete mit Behinderung)**
  http://www.hamburg.de/forum-fluechtlingshilfe/4974700/gefluechtete-mit-behinderung/

- **SeGeMi e.V.**
  http://www.segemi.org/beratung.html

- **Medibüro Hamburg**
  http://www.medibuero-hamburg.org/de

- **ኪንደር ኮምፓስ** - **Kinderkompass**
  www.kinderkompass-hamburg.de
  www.medibuero-hamburg.org

## 2. ሕጋዊ ኣላይነት፣

ዝኾነ ልዕሊ ዕድመ ሰብ ብሰንኪ ኣካላዊ ኮነ ስነ-የእምራዊ ምኽንያት ናይ ባዕሉ ጉዳያት ከሳልጥ ዘይክእል እንተ ኮይኑ፡ ብሕጊ ኣላዩኡ ወይ ኣሳላጢ ጉዳዩ ክግበረሉ መሰል ኣለዎ። እዚ ወኪል እዚ ሕጋውነት ዘለዎም ነገራት ንኣብነት ከም ናይ ገንዘብ ኮነ ናይ ጥዕና ሓላፍነት ወይ ውክልና ኣብ ምስላጥ መንግስታዊ ጉዳያት ወሲዱ ጉዳዩ የሳልጥ። እዚ ናይ ግብረ-ሰናይ ስራሕ ብቤተሰባት፡ የዕሩኽቲ፡ ፈለጥቲ፡ ወይ ውን ዝኸዕነ ሳልሳይ ኣካል ከተግብሮ ወይ ሓላፍነት ክወስዱ ይኽእሉ።

ዝያዳ ሓበሬታን ምኽርን ብዛዕባ ሕጋዊ ኣላይነት:

- **ቤት ድሕፈት መሰል ተኣላይነት** (**Fachamt für Hilfen nach dem Betreuungsrecht)**
  http://www.hamburg.de/betreuungsstellen

- **ሕቶን መልስን ብዛዕባ ሕግታት ምእላይ** (**Fragen und Antworten zur rechtlichen Betreuung)**
  http://www.hamburg.de/fragen-zur-betreuung/

## 3. መዐቀኒ ወይ መገምገሚ ስንክልና:

እዚ ቤት ጽሕፈት ረዳእቲ ስንኩላን (Versorgungamt) ዝበሃል ስንክልና ናይ ሓደ ሰብ ብመሰረቱ ኣሎ ድዩ እንተ ሃልዩ ድማ ዓቐን ናይ ስንክልና ክንደይ ሚኑ ይመዝን (GdB)። ዓቐን ዲግሪ ናይ ስንክልና ካብ 20 ክሳብ 100 ይፈላለ። እቲ ዲግሪ እንዳ ላዕለ ምስ ዝኸይድ እቲ ስንኩል ዝያዳ ኣገልግሎትን ሓገዝን ይወሃቦ ወይ ይኽፈሎሉ። ካብ 50 ዲግሪ ንላዕሊ ዓቐን ስንክልና ዘለዎ ኣብዚ ሃገር ብወግዒ ከቢድ ስንክልና ኣለዎ ይበሃል። እቲ ዓቐን ዲግሪ እምበኣር ናይ ሓደ ስንኩል ሰብ ብቕዓታዊ ድኽመት ወይ መነባብሮ ህይወት ዘይኮነ ዝገልጽ፡ እቲ ሰብ ኣብ መነባብርኡ ክሳብ ክንደይ ብስንክልና ይጽሎ እዩ ዝሕብር። እዚ ምዕቃን ወይ ምግምጋም ስንክልና ግን ድሕሪ ዑቕባ ምሕታትኩም ኢኹም ከተመልከቱ ትኽእሉ። እዚ ማለት **ፍቓድ መንበሪ** (**Aufenthaltsgestattung)** ምስ ተወሃበኩም ኢኹም ከተመልኩቱ ትኽእሉ። እቲ መንበሪ ፍቓድኩም ኣብ ዝተናዋሕሉ እዋን ድማ ንቤት ጽሕፈት ረዳእቲ ስንኩላን (Versorgungsamt) ብቐጥታ ክትሕብሩ ይግባእ።

- **„Erstfeststellungsantrag nach dem Schwerbehindertenrecht (SGB IX)“ im Internet:**
  www.hamburg.de/antrag-merkblaetter/83238/start

## 4. ናይ ስንክልና ዋንነት ታሴራ:

ካብታ 50 ዲግሪ ሓንቲ እንተ ተወሲኻታ ቤት ጽሕፈት ረዳእቲ ስንኩላን ወይ Versorgungsamt ናይ ስንክልና ታሴራ ይዕድል። በቲ ታሴራ ድማ **ጽልዋ ስንክልና ንምቕናስ** ንኣብነት ብሕሱር ወይ ብነጻ ምጥቃም ህዝባዊ መጎዓዝያ HVV (ኣውቶቡስ ወይ ባቡር)፡ ምቕናስ ክፍሊት ግብሪ፡ ሕሱር ትኬት ቺነማ፡ ቲያትር፡ ቤተ-መዘክር፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ቐረባት ክትጥቀሙ ትኽእሉ። እዚ ታሴራ እዚ ንኹሉ ስንክልና ዘለዎ ሰብ ኣብ ጀርመን ዝቕመጥ (ወግዓዊ ኣድራሽኡ) ጥራይ እዩ ዝፍቀድ። ኣብቲ ታሴራ ዝተፈላዩ **መፈለጥታ** ፊደላት ኣለዉ። ከከም መፈለጥታ ፊደል ድማ እቲ ነቲ ታሴራ ዝሓዘ ሰብ ዝተፈላለየ ዓይነት ደገፍን ምጉዳል ዋጋታትን ይግበረሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ:

- www.hamburg.de/antrag-merkblaetter/115696/faltblatt-schwerbehindertenausweis
- ብቐሊል ዝበለ ቋንቋ ድማ:
  http://www.hamburg.de/contentblob/7430746/0508c390262e3e7456f08255936feeae/data/broschuere-schweba-leichte-sprache.pdf

<u>እቶም ዝተፈላለዩ መፈለጥታ ፊደላት እዞም ዝስዕቡ እዮም</u>

| | |
|---|---|
| **G**: ከቢድ ስንክልና ኣብ ምንቅስቓስ ብእግሪ | **aG**: ፍሉይ ስንክልና ኣብ ምንቅስቓስ ብእግሪ |
| **H**: ነብሶም ክኣልዩ ዘይክእሉ | **B**: ፍቓድ ምምላእ ዘሰኒ ሰብ |
| **Bl**: ዓይነ ስዉር | **Gl**: ጽሙት ምስማዕ |
| **RF**: ካብ ምኽፋል ግብሪ ናይ ራድዮን ቲቪን ነጻ ምዃን | |

## 5. ሓገዝ ንስንኩላን - Eingliederungshilfe (EGH):

ስንክልና ዘለዎም ደቂ ሰባት እሞ ኸኣ **ኣብ ዕለታዊ መነባብርኦም ሓገዝ** ዘድልዮም እዚ ሓገዝ ንስንኩላን (Eingliederungshilfe) ንኽግበረሎም ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ሓገዝ ንስንኩላን ንዝተፈላለዩ ዕድመ ዘለዎም ሰባትን ንዝተፈላለየ ዓይነት ስንክልና ዘለዎም ሰባትን ከከም ኣድላይነቱ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ሓገዝ ይግበረሎም። ኣብ ገዝኦም ዝነብሩ ስንኩላን ኣለይትን ኣብ ትምህርቶም

ኮነ ኣብ ትርፊ ግዚኦም ወይ ኣብስርሖም ዘሰንዩ ኣገልግሎትን ይግበረሎም። ብዘይካ እዞም ኣብ ገዛ እንዳ መጹ ዘገልግሉ ድማ ኣብ እንዳ ስንኩላን ቦታ ወይ ድማ ጥጡሕ ስራሕ ንስንኩላን ይግበር እዩ። ነዚ ሓገዝ ንስንኩላን ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት (**Sozialen Dienstleistungszentrum**) እዩ መመልከቻ ዝግበር። መመልከቻ ምስ ኣተወ ናይቲ ቤት ጽሕፈት ክኢላ ሓኪም እቲ ስንክልና መርሚሩ ይግባእ ድዩ ኣይግባእን ይውስን (Feststellung der Zugehörigkeit zum Personenkreis §53 SGB XII)።

- ***ሓገዝ ንስድራቤት ስንክልና ዘለዎም ህጻናት*** **(HfbK)**
  ካብ ሰለስተ ክሳብ 18 ዕድመ ዘለዎም ስንኩላን ህጻናትን ስድራቤቶምን ዝተፈላለዩ ሓገዛት ከም ምኽሪን ትምህርትን፡ ምስናይ፡ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኣብ ምውጣን፡ ምሕዝነትን የዕሩኽትን ኣብ ምግባር ከምኡ`ውን ነብስኻ ኣብ ምኽኣልን ዝኣመሰሉ ይግበረሎም።
- ***ትምህርታዊ ኣላይነት ኣብ መንበሪ ገዛ*** **(PBW)**
  ስነ-የእምራዊ ኮነ ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎም ልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ሰባት ደገፍ ብኽኢላታት ኣለይቲ ይግበረሎም። ቀንዲ ዕላማ ናይዞም መምሃራን ድማ እቶም ሰባት ነብሰ-ተኣማንነት ከሕድሩን ነብሶም ክኢሎም ክነብሩን መንገዲ ምርኣይ እዩ።
- ***ምትሕብባር ኣብ ገዛ*** **(WA)**
  ስነ-የእምራዊ ኮነ ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎም ልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ሰባት ናይ በይኖም ገዛ ሃልይዎም ሓገዝ ዘድልዮም ምስ ዝኸውን ኣብ ዕለታዊ መነባብርኦም ደገፍን ንኣብነት ኣስፔዛ ኣብ ምግባር ወይ ኣብ ገዛ ምልዓል ተግባራዊ ሓገዝን ይግበረሎም።
- ***ተመላለስቲ ማሕበራዊ ስነ-የእምራዊ ኣገልግሎት*** - **Ambulante Sozialpsychiatrie (ASP)**
  መንፈሳዊ ስንክልና ንዘለዎም ልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ሰባት እሞ ኸኣ ናይ በይኖም ገዛ ዘለዎም ኮይኑ ሓዘዝ ዘድልዮም ምስ ዝኾኑ ከኣ ደገፍን ተግባራዊ ሓገዝን ኣብ ዕለታዊ መነባብርኦም ከም ኣስፔዝም ምግባር ኮነ ገዛ ምልዓል ይረኽቡ።
- ***ደገፍ ብእዋኑ/ ምትሕንፋጽ ኣብ መዋእለ ህያናት*** (**Frühförderung/Integrationskindergarten)**
  ትሕቲ ሽዱሽተ ዓመት ዘለዎም ስንኩላን ህጻናት ፍሉይ ምትብባዕን ደገፍን ብዛዕባ ምትሕንፋጽ ኣብ መዋእለ ህጻናት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።
- ***ምስናይ ናብ ቤት-ትምህርቲ*** - **Schulbegleitung** (እቐዲምካ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ምምልካት የድሊ)
  ስንክልና ዘለዎም ህጻናት እውን ትምህርቲ ክኸዱ ኣለዎም። ናብ ትምህርቲ ዘብጽሖም ኣካል ንኽህሉ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። በዚ መሰረት ድማ እቲ ህጻን ብውልቂ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓገዝ ይግበረሉ።

ሓበሬታን ኣስተምህሮን ብዛዕባ ሓገዝ ክንክን ስንኩላን (Eingliederungshilfe):

- ***ምምሕዳር ሃምቦርግ*** - **Stadt Hamburg**
  www.hamburg.de/wandsbek/behinderung-eingliederungshilfe
- ***ሓገዝን ምእላይን ንስንክልና ዘለዎም ሰባት*** - **Lebenshilfe Hamburg**
  **Unterstützung und Betreuung für Menschen mit Behinderung**
  www.lebenshilfe-hamburg.de
  እዚ Lebenshilfe Hamburg ናይ ማሕበራዊ ትምህርቲ ዘለዎ ምኽሪ የአንግድ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ሓገዛት ዝርከቦ ባእታ የናዲ ኣብ ምምላእ መመልከቻታት ንዝምልከቶ መንግስታዊ ትካል ድማ ይተሓባበር።

## 5.1. ሓገዝ ንክንክን - Hilfe zur Pflege:

ኣካላዊ ክንክን፡ ሕክምናዊ ክንክን፡ ናይ ምግብና ክንክን ንዘድልዮም ስንክልና ዘለዎም ሰባት ናይ ክንክን ሓገዝ ንኽግበረሎም መመልከቻ ከእትዉ ይኽእሉ እዮም። በዚ መሰረት ከኣ እንዳ ተመላለሱ ክኣልዩ ዝኽእሉ ኣገልግሎታት ክግበር ይከኣል እዩ። መንበሪ ወረቐት ምስ ዝህልወኩም ድማ ናይ ክንክን ክፍሊት (ንኣብነት ብቤተሰብ) ክትሓቱ ጥኽእሉ ኢኹም። ዓይቢ ደገፍ ወይ ክንክን ምስ ዘድልየኩም ድማ ወይ ብኽፊል ወይ ድማ ብስሩ ኣብ እንዳ ክንክን መንበሪ ቦታ ንኽትቅመጡ ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ስለዚ ናይ ክንክን ሓገዝ ምስ ትደልዩ ወይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት (Sozialen Dienstleistungszentrum) ወይ ድማ ኣብ እንዳ ውሕስነት ክንክንክ (Pflegekasse) ንኣብነት ኣብ AOK ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ዝኾነ ናይ ተክኒክ ሓገዛት ምስ ዘድልዩ (ንኣብነት ናይ ኤሌክትሪክ ዓረብያ፡ ባንቡላ እግሪ፡ መስምዒ ወይ ሕክምናዊ ሪሃብ ከም ፊዝዮ ተራፒ ወይ ሳይኮ ተራፒ) ሓኪም ድማ ናይ ደገፍ ወረቐት ምስ ዝህበኩም ኣብ መድሕን ውሕስነት ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ሓበሬታን ምኽርን ብራዕባ ክንክን:

- ***ምምሕዳር ሃምቦርግ*** - **Stadt Hamburg:**
  www.hamburg.de/behinderung/pflege
- ***ተናባይቲ ዝሕግዝሉ*** - **Pflegestützpunkte**
  ምኽርን ሓገዝን ንክንክን ዘድልዮም ሰባትን ቤተሰቦምን
  www.hamburg.de/pflegestuetzpunkte

## 5.2. ገዛ ናይ ምርካብ ፍቓድ - Wohnberechtigungsschein/Dringlichkeitsschein:

መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ስደተኛታት ከምኡ `ውን ውሑድ ኣታዊ ዘለዎም ኣብ ናይ ከባቢኦም ማሕበራዊ ኣገልግሎት ጨንፈር መንበሪ ገዛውቲ ኬይዶም ገዛ ክወሃቦም (§5-Schein) መመልከቻ ከእትዉ ይኽእሉ እዮም። ብድሕሪ እዚ ድማ ክኽፈል ዝከኣል ማሕበራዊ መንበሪ ገዛ ይወሃቦም። ኣብ ዓረብያ ዝጎዓዙ ስንኩላን ድማ መንገዲ ዓረብያ ዘለዎ ገዛውቲ ክወሃቦም ተወሳኺ መመልከቻ ከእትዉ ይኽእሉ እዮም። በዚ መሰረት ድማ ተወሳኺ ደገፍ ካብ ቤት ጽሕፈት መእተዊ ዓረብያ ዘለዎ ገዛ ይረኽቡ።

ተወሳኺ ሓበሬታን ኣስተምህሮን ብዛዕባ እዚ:

- **ቤት ጽሕፈት ብዓረብያ ክእተዎ ዝከኣል ገዛውቲ - Zentrale Vermittlungsstelle für rollstuhlgerechten Wohnraum**
  https://www.hamburg.de/behoerdenfinder/hamburg/11268098/
- **Dialogforum Wohnen**
  http://www.hamburg.de/forum-fluechtlingshilfe/7686866/dialogforum-wohnen/

## 6. ነብስካ ምኽኣል ንስንክልና ዘለዎም ሰባት:

ነብስኻ ንምኽኣል መመልከቻ ምእታው ኣድላይነት የብሉን። ስንክልና ዘለዎም ሰባት ምስ ካልኦት ስንኩላን ክራኸቡን ሓሳባት ክላዋወጡን ከምኡ ድማ ሓቢሮም ግዜ ከሕፍልፉ ወይ ድማ ሕቶታት ክሓቱ ምስ ዝደልዩ ነዞም ናይ ነብስኻ ምኽኣል ዘደንፍዑ ዝተፈላለዩ ማሕበራት ክውከሱ ይኽእሉ እዮም።

- **Autonom Leben e.V.**
  ሓገዝ ነብስኻ ምኽኣል ንስንክልና ዘለዎም ደቅሰባት ኣብ ሃንቦርግ
  www.autonomleben.de
- **Deaf Refugees Welcome Hamburg/Gehörlosenverband Hamburg**
  ሓገዝ ንናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ስደተኛታት ኣብ ሃንቦርግ
  www.facebook.com/deafrefugeeswelcome
- **Blinden und Sehbehindertenverein Hamburg**
  ምኽሪ: ምልውዋጥ ተመኩሮን ካልእን ንዕውራትን ንናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎም ደቂሰብ ኣብ ሃምቦርግ
  www.bsvh.org
- **IRIs e.V.**
  ናይ ምምሕያሽ መስርሕ ንዕውራትን ናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎም ሰባትን
  www.iris-hamburg.org
- **KISS Hamburg**
  ሓበሬታ: ኣስተምህሮን ድለላን ናብ ናይ ሓድሕዳዊ ሓገዝ ጉጅለ ኣብ ሃንቦርግ
  www.kiss-hh.de
- **Lebenshilfe Hamburg**
  ዝተፈላለዩ ናይ ሓድሕዳዊ ሓገዝ ጉጅለታት ብዛዕባ ስነ-የእመራዊ ስንክልና ዘለዎም ሰባት
  www.lhhh.de

**<u>ተወሰኽቲ ሕቶታት ኣለኩም?</u>**
ፕሮጀክት ZuFlucht Lebenshilfe
ፖጀክት ሓገዝ ሂወት ንስንኩላን ስደተኛታት ኣብ ሃምቦርግ

ZUFLUCHT.LHHH.DE BY LEBENSHILFE HAMBURG

www.zuflucht.lhhh.de